Australian Government
Department of Home Affairs

# መምርሒ ተጠቀምቲ - እተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት (registered migration agents)

ኣብ ኣውስትራልያ እተመዝገበ ወኪል ጉዳይ ስደት (registed migration agent)፣ ኽኢላ ሕጊ ወይ ናጻ ሓገዝ ንኽህብ ዝተፈቐደሉ ሰብ (exempted person) እንተ ዘይኰይኑ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዛዕባ ጉዳይ ስደት ሓገዝ ክህብ ዘይሕጋዊ እዩ። ኣብ ኣውስትራልያ ዘይሕጋዊ ዝኾነ ሓገዝ ጉዳይ ስደት ዚህብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ Department of Home Affairs መርበብ ሓበሬታ ብዘሎ ናይ Border Watch Online Report ተጠቒምካ ሪፖርት ክግበር ኣለዎ። ኣብ ጉዳይ ስደትካ ዚሕግዝ ዝኾነ ይኹን ሰብ ቪዛ ክወሃበካ ክገብር ኽምዘይክእል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

---

## ዝተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት

እተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ንመለከዒታት ክኢላታት ከማልኡ፣ ስነ ምግባር ኣካይዳ ኺስዕቡ ከምኡውን ብዛዕባ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ስደት እዋናዊ ፍልጠት ኪህልዎም ኣለዎ።

ኵሎም እተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ፍሉይ Migration Agents Registration Number (MARN ኣለዎም። ሓደ ሰብ እተመዝገበ ወኪል ጉዳይ ስደት ምዃኑ ኣብ ናይ OMARA መርበብ ሓበሬታ www.mara.gov.au-ኽተረጋግጽ ትኽእል ኢኻ

The **Office of the Migration Agents Registration Authority (OMARA)** ክፍሊ እቲ Department of Home Affairs እዩ፣ ኣብ ኣውስትራሊያ ንእተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ድማ ዚቈጻጸር ኣካል እዩ ። እቲ OMARA:

- ኣብ ኣውስትራልያ ኸም ወኪል ጉዳይ ስደት ንምዃን ዝቐርቡ መመልከቲታት ይግምግምን ይውስንን
- ንኣካይዳ እቶም እተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ይከታተሎ፣ ንጥርዓን ይምርምር ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ናይ ስነ-ስርዓት ስጉምቲ ይወስድ።

OMARA ኣብ ናይ ቪዛ ወይ ናይ ስፖንሰር መመልከቲ ኽሕግዘካ ወይ ንሓደ እተመዝገበ ወኪል ጉዳይ ስደት ክፍሊት ኪመልሰልካ ኺእዝዞ ኣይክእልን እዩ።

## ደንቢ ሥነ-ምግባር

ንእተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ዚምልከት ሕጊ ስርዓት ሥነ-ምግባር እቶም ወኪላት ጉዳይ ስደት ኽምዚ ዝስዕብ ክገብሩ ይጠልብ፦

- ቪዛ ኽትረክብ ከም እትኽእል ብቕንዕና ይዛረበካ
- ቅኑዕ ምኽሪ ይህበካ ብዛዕባ እቲ መመልከቲኻ ዘሎ ምዕባለን ኺጸልዎ ዚኽእል ለውጥታትን ድማ ይገልጸልካ
- ሕጊ ብዝፈቅዶ መገዲ ይሰርሕ፣ ናትካ ድሌትን ምሽጥርካን ድማ ይሕሉ
- ምስ ረብሓታትካ ዝጋጮ ተገዳስነት እንተኣልይዎምን ይነግሩኻ ግቡእ ስጉምቲ ድማ ይወስዱ
- ቕድሚ ዕዮ ምጅማሩ ብዛዕባ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎትን ገምጋም ክፍሊትን ካልእ ወጻኢታትን ብጽሑፍ ጸብጻብ የቕርበልካ
- ኣቐዲምካ እንተኸፊልካ ገንዘብካ ኣብ እተፈልየ ናይ ባንክ ሕሳብ የቐምጦ
- ብዛዕባ እቲ እተዛዘመ ኣገልግሎትን ብዛዕባ እቲ ዚኸፈል መጠንን ብዝርዝር ዚገልጽ ወረቐት ይህበካ
- ብዛዕባ ከይዲ መመልከቲኻ ግቡእ መዝገብ ይሕዝ።

እቲ ምሉእ Code of Conduct ኣብ መርበብ ሓበሬታ OMARA ይርከብ እዩ።

## ብዛዕባ እተመዝገቡ ወኪላት ጉዳይ ስደት ዘለዉ ጸገማት

ምስ ወኪል ጉዳይ ስደትካ ጸገም እንተ ኣልዩካ ፈለማ ምሳታቶም ክትፈትሖ ፈትን። ነቲ ጉዳይ ምስ ወኪልካ ኽትፈትሖ እንተ ዘይክኢልካ፣ ሓገዝ እንተ ደሊኻ ምስ OMARA ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ OMARA ዝርከብ complaint form ብምምላእ ብዛዕባ እቲ እተመዝገበ ወኪል ጉዳይ ስደትካ ኽተማርር ትኽእል ኢኻ።

ጥርዓን (መረረት) ምቕራብካ ነቲ ናይ ቪዛ መመልከቲኻ ኣይትንክፎን ኢዩ ወይ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተውሃበ ናይ ቪዛ ምእባይ ወይ ምስራዝ ውሳነ ኣይቅይሮን ኢዩ።

## ኣብ ኣውስትራልያ ዚነብሩ ሰብ ሞያ ሕግን ዝተፈቀደሎም ሰባትን

ከም ኣውስትራሊያውያን ክኢላታት ሕግን ዝተፈቀደሎም ሰባትን ዝኣመሰሉ ገሊኦም ሰባት ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ጉዳይ ስደት ንምሕጋዝ ከም ወኪል ጉዳይ ስደት ኪምዝገቡ ናይግድን ኣየድልዮምን እዩ።

ኣብ ኣውስትራሊያ ዚነብሩ ሰብ ሞያ ሕጊ ምስ ሕግታት ሥነምግባር ሰብ ሞያ ዚተሓሓዝ ሕጋዊ ስልጣኖም ተሰማሚዖም ክዓዩ ኣለዎም። ብዛዕባ ሓደ ኽኢላ ሕጊ ኽተማርር እንተደሊኻ ነቲ ኣብ Department of Home Affairs website ዚርከብ 'Consumer guide – legal practitioners' ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ።

ዝተፈቀደሎም ሰባት ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራ ቤትን ደገፍትን ይርከብዎም። ምሉእ ዝርዝር እቶም ዝተፈቀደሎም ሰባት ኣብ *Form 956 – Appointment of a registered migration agent, legal practitioner or exempt person* ክርከብ ይከኣል እዩ። ዝተፈቀደሎም ሰባት ንዝህብዎ ድጋፍ ጉዳይ ስደት ክፍሊት ኪቕበሉ ኣይክእሉን እዮም።

## ቈጸራ ምስራዝ

ነቲ ቘጸራ ክትሰርዝ እንተደሊኻ *Form 956* ምላእ።

## ኣገልግሎት ምትርጓምን ምስትርጓምን

ብናይ ምትርጓምን ምስትርጓምን ኣገልግሎት (TIS National) ኣቢልካ ንሓደ ኣስተርጓሚ ኣዘራርቦ

www.tisnational.gov.au ☎ 131 450

ሓምለ 2021